

# እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ

ፓስ. ነጋሲ ደስታ.

*ምስማዕ* ክብሃል ከሎ፡ ሓያለ ትርጉም ክህልዎ ዝኽእል ቃል እዩ። ንምሳሌ፡ ጸማም ዘይምዃን፡ ነጺሩ ዘይስማዕ ድምጺ፡ ምርዳእ ዝኣመሰሉ ዝሕብር ክኸውን ይኽእል። ብዝኾነ *ምስማዕ* ክብሃል ከሎ፡ ንሓደ ነገር ልብኻ ኣውዲቕካ ጽን እትብሎ፡ ካብ ካልእ ድምጽታት ድማ ፈሊኻ ሓሳቡ ክትርድኦ እትደህበሉ፡ ከምኡ ድማ ስጉምቲ ኽትወስደሉ እትቓጽሮን እዩ።

ቃል ኣምላኽ እቶም ናይ ሓቂ ሰማዕቲ ብምስትውዓል ዝሰምዑ ኣብ ጽቡቕ ልቢ ድማ ዚዓቝሩዎ፡ ፍረ ኽኣ ዚፈርዩ ከም ዝኾኑ ኣነጺሩ ይሕብር (ማቴ 13፡23 ሉቃ 8፡15)።

## ንምስማዕ ብዝምልከት . . . . . . . . . . .

### 1. ንጐይታ ክንሰዕብ እንገብሮ ውሳኔ ኣገዳስን ቀዳማይን ስጉምቲ እዩ።

ብዛዕባ እዚ ድማ ቃል ኣምላኽ፡ "... ብዛዕብኡ ኽይሰምዑኸ፡ ከመይ ገይሮም ብእኡ ኺኣምኑ? ..." ይብል። እምበኣርሲ እምነት ካብ ምስማዕ እያ፡ ምስማዕውን ብቓል ክርስቶስ እዩ (ሮሜ 10፡14ን 17ን)።

ኣብ ወንጌል ሉቃስ 8፡4-8 የሱስ ክርስቶስ ብምስላ ገይሩ ብዛዕባ ኣርባዕተ ዓይነት ሰማዕቲ ግሩም ዝኾነ ሓቤሬታ ይህብ። እቶም ሰለስተ እቲ እተነግረ እሞ ዝሰምዕዎ ቃል ገና ኣብ ፍረ ኽይበጽሐ ኺምንጠል፡ ኺሃጉግ፡ ኺሕነቕ ከሎ፡ እቶም ሓደ ግና ናይ ሓቂ ብምስትውዓል ስለ ዝሰምዑ በቲ ቃል ኽም እተረብሑ ነስተብህል።

ኣብ መንጎ እዞም ሰለስተ ዓይነት ሰማዕቲ እቲ ፍልልይ ዘምጽኣሎም ኣብቲ ኣሰማምዕኦም እዩ። እምበር፡ ትሕዝቶ ናይ እቲ ዝሰምዕዎስ ቅንጣብ ፍልልይ ዘይነበሮ ሓደ እዩ። ብዛዕባ እዚ እቲ ቃል ኣምላኽ'ውን ግርም ገይሩ የርኢ። ስለዚ ከመይ ጌርና ከም እንሰምዕ ኽንጥንቀቕ ከም ዘሎና ኣነጺሩ ይሕብር (ሉቃ 8፡18)።

እወ፡ ካልእ ነገራት እናሰማዕና እናረኤና እናሓሰብና ካልእ ዋኒን ስለ ዘውጥጠና ንሱ ዓዚዙና ኸሎ እቲ ኣሰማምዓና ብፈረቓ ፈራርቖ ልብና እንተ ድኣ ኾይኑ ገለ እኳ ኣይንክንርባሕን ኢና።

እምበርኣሲ ቤተ-ክርስትያን እና ተመላለስና፡ ነቲ ቃል ኣምላኽ ድማ ብግልና'ውን እናንበብና፡ መዝሙር እናዘመርና ለውጢ ዘይብሉ ህይወት ሒዝና ንኸይድ እንተ ድኣ ኣሊና ገለ ነገር ጐዲሉ ኣሎ ማለትዶ ኣይኰነን?

ነቲ እነንብቦ፡ እንዝምሮ ኾነ ዝንገረና ኩሉ ተጠንቂቕና ክንሰምዮ፡ ጊዜ ሂብና ድማ ካልእ ኩሉ ሓዲግና ጽን ንብሎ ምህላውና ምስ እነስተብህል ብርግጽ ዓቢ በረኸት የሕፍሰና።

ንቓል ኣምላኽ፡ ጽን ኢልና፡ ልብና ኣውዲቕና፡ ካብ ካልእ ድምጽታት ድማ ፈሊና ሓሳቡ ምእንቲ ኽንርድኦስ ኽነድህበሉ፡ ከምኡ ድማ ስጉምቲ ኽንወስደሉ ይግባእ። ምኽንያቱ መዕበይና ስለ ዝኾነ። ንልድያ ካብተን ካልኦት ኣንስቲ ዝተፈልየ በረኸት ክትረክብ ካብ ዝገበራ ሓደ እቲ ጽን ምባላ ኸም ዝነበረ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 16፡14 ንርእዮ።

## 2. ኣብ ጉዕዞ ክርስትና ቀጻልን ዕለታውን ልምድና ክኸውን ኣለዎ።

> "...፡ እተን ኣባጊዕውን ቃሉ ይሰምዓ። ነተን ኣባጊዑ ኸኣ በብስመን ጸዊዑ የውፍረን። ነተን ኣባጊዑ ምስ ኣውፈረን ድማ፡ ቀቅድሚአን ይኸይድ፡ እተን ኣባጊዕውን ድምጹ የለልያ እየን እሞ ይስዕባኦ" (ዮሃ 10፡3-4)።

እዚ ኔርካ-ኔርካ ወይ ድማ ሓደ-ሓደ ጊዜ ጥራይ ዝግበር ዓይነት ልምዲ ዘይኰነስ ኣብ መንጎ እቲ ጓሳን መጓሰን ናይ ቀረባ ዝምድና ዘመልክት፡ ዘወትር ዝትግበር ልሙድ ባህርያት እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ እየን እተን ኣባጊዕ ንድምጺ ጓስአን ካብ ካልእ ድምጺታት ፈልየን ብንጹር ከለልያ ዚኽእላ።

ንሕና'ውን ኣብዚ ዘደናግር ካልእ ድምጺታት ዝበዝሖ እንነብረሉ ዘሎና እዋን ከይተደናገርና ብዓወት ኽንጉዓዝ ዕለት ዕለት ድምጺ ጓሳና ንምስማዕ ኽነድህብ የድልየና።

ከምዚ ክንርእዮ ዝጸናሕና፡ እቲ ቃል፡ በብስመን ጸዊዑ የውፍረን ይብል። ኣብዚ ክንስተብህለሉ ዘሎና ነጥቢ እንተ ድኣ ኣልዩ፡ እተን ዘይሰምዓ ኣባጊዕ ነተን ዝሰምዓ ጓሳና እንታይ እዩ ኢሉና ኢለን ምስተን ዝሰምዓ ተዋሲአን ኣይኰናን ዝዋፈራ። ባዕለን እየን ዝሰምዓ።

ልክዕ ከምኡ ድማ ንሕና፡ ካልእ ወይ ካልኦት ካብ ዝሰምዕዎ ተሊቂሕና ዞኽ-ዞኽ ክንብልን ኽንጉዒን ዘይኰነስ ባዕልና ድኣ ብግሊ ህይወትና ሰሚዕና ንሱ ብዘውፈረና ኽንወፍር ኣሎና። ሽዑ እቲ መሎኮታዊ መሪሕነቱን ጐስነቱን ሓልዮቱን ምንጋፉን ኰታ ኩሉ ለውሃቱን ባዕልና፡ ብገዛእ ርእስና ንሙክሮ። ርጉጽ መሪሕነት ሓበሬታ ሒዝና ድም ንጉዓዝ። በዚ እቲ መቕሬቱ ድማ ንፈልጦ። ሽዑ ከም ንጉስ ዳዊት ንኣምላኽና ብዘተፈላለየ ባህርያቱ እናጸዋዕና ብሓጐስ ኽነመስግን ንበቅዕ።

ባዕልና ኽይሰማዕና ብኢሎሞ እንተ ጒየና ግና፡ ናይ ገዛእ ርእስና መደብ እዩ ዚኸውን እሞ፡ ብዛዕባ እቲ ብሰሩ ዚበጽሓና ዘበለ ዝኾነ ኩነት ኩሉ ኣብ ጐይታ ኽነጉ ረምርም መሰል'ውን የብልናን። ደሓር ከኣ ብምሰረቱ እቲ ምጉርምርም'ውን ጐይታ ዝቕበሎ ኣይኰነን። የግዳስ፡ ንገዛእ ርእስና ብምውቃስ ንመሪሕነቱን ጉስነቱን ልቦና ጌርና ንድለ። ምኽንያቱ ድምጹ ሰሚዕና ክንክተል ምስ እንውፈ ጥራይ እዩ ጐይታ ቀቅድሜና ክኸይድ ዝደልን ዝኽእልን።

## 3. ፈራርቕ ምስማዕ ገለ በረኸት ኣየኸትልን።

እቲ ጽሑፍ ከም ዝሕብሮ፡ መርገም እንተ ዘይኰይኑ፡ ሳኦል እቲ ኣምላኽ ዝበሎ መብዛሕትኡ ፈጺምዎ ነይሩ። መብዛ ሕትኡ ክብሃል ከሎ ድማ፡ ኩሉ ኣይገበሮን ማለት እዩ። ኣምላኽ ከኣ ከም ዝነዓቕ

ይነግሮ።

"… ንእግዚኣብሄርሲ ዚሓርር መስዋእትን መስዋእቲ ሕሩድን ከም ምስማዕ ድሃይ እግዚኣብሄር ገይሩዶ የሐጕሶ እዩ? እንሆ፡ ምስማዕ ካብ መስዋእቲ፡ ጽን ምባል ድማ ካብ ስብሒ ደዓውል ይበልጽ" (1ይ ሳሙ 15፡22)።

ኣብ እብራውያን 2፡1 ድማ፡ "ስለዚ ምእንቲ ኸይንጠፍእ፡ ናብቲ ዝሰማዕናዮ ኣዚና ኽነቕልብ ይግባኣና እዩ፡" ይብል። እግዚኣብሄር በቲ እቲ ንሱ ዝበሎ ዝሰምዕ ባህ ይብል። እቲ ንእግዚኣብሄር ዝበሎ ዚሰምዕ ድማ ሰላሙ ከም ዝመልእ ሓቂ ደኣ እምበር ርእይቶ ኣይኰነን።

## 4. ምሉእ ምስማዕ ምሉእ በረኸት የኸትል።

ህይወት ኣብራሃም፡ ምሉእ ምስማዕ ምሉእ በረኸት ከም ዘኸትል ዝሕብር ግሩም ዝኾነ ኣብነት እዩ። እግዚኣብሄር ንኣብርሃም፡ "ቃለይ ስለ ዝሰማዕካ ድማ ህዝብታት ኩላ ምድሪ ብዘርእኻ ኺባረኹ እዮም" ይብሎ። (ዘፍ 22፡18)

ኣምላኽ ንኣብርሃም፡

"እምበኣር ነቲ እተፈትዎ ሓደ ወድኻ ይስሃቅ ውሰድ እሞ፡ ናብ ምድሪ ሞርያ ኺድ፡ ኣብኣ ድማ ኣብ ሓደ ኻብቲ ኣነ ዝነግረካ ኣኽራን ንዚሓርር መስዋእቲ ሰውኣዮ፡ በለ።" (ዘፍ 22፡1)

እዚ ጽሑፍ ከም ዝእምቶ፡ ኣብርሃም ምስማዕ ድምጺ ኣምላኽ ዝተለማመደ እዩ ነይሩ። ስለ ዝኾነ ድማ *'እዚስ ከመይ ገይሩ ይኸውን?'* ዝብል ዘጠራጥሮ ብዙሕ ሕቶታት እኳ ክህሉ ዝኽእል እንተ ነበረ፡ ካብ መን ምኻኑ ኣርጊጹ ስለ ዝፈልጥ ንጥርጥር ቦታ ኣይሃቦን። እቲ ድምጺ፡ ድምጺ ኣምላኽ ምኻኑ ኣነጺሩ ዝሰምዕን ዘለልዮን እዩ ነይሩ። ስለዚ ድማ ብዛዕባ እቲ መስዋእቲ ዝግበረሉ ቦታ ገለ ኸይተደናገረ ኣንጊሁ ነታ ዝሰምዓ ድምጺ ኣሚኑ፡ ነታ ዝተቐበላ ሓበሬታ ሒዙ ኺጐዓዝ፡ ኣብቲ ዝተባህለሉ ቦታ ምስ በጽሐ ድማ ከምቲ ዝተኣዘዞ ኩሉ ኺገብር ድልዊ ኾይኑ ነቲ ዝትኣኣዝዞ ኣብ ግብሪ ኼውዕል ይዳሎ።

እግዚኣብሄር ግና ከምቲ ተስፍኡ ኣውፊሩ ንበይኑ ኣይሓደጎን። ደጊሙ ኺጽውዖ ኸሎ ድማ ንርኢ። ሕጂ'ውን ኣብርሃም ንምስማዕ ኣይሰልከየን። ድምጺ መን ምኻኑ ንምልላይ ድማ ኣይተ ማትአን። እሞ 'እኔኹ' ድማ በለ። ኣምላኽ ከኣ ኣይትግበሮ፡ ግደፎ በሎ።

ኣብርሃም እታ ቕድሚኣ ለይቲ ዝተዛረቦ ምስምዑ ጥራይ ነቲ ተዳልዩሉ ዝነበረ በረኸት ክረክብ እኹል ኣይነበረን። ደጊሙ ኺሰምዕ ነይሩዎ። ሰሚዑ ድማ።

እምበኣርሲ ኣብርሃም ዕለት-ዕለት ንምስማዕ ድምጺ እግዚኣብሄር እዝኑ ክፉት እንተ ዘይነብር ምናልባሽ፡ ብሰኣን ምስምዑ፡ ምናልባሽ፡

1. እቲ ወዱ፡ ይስሃቅ፡
2. ዝተዳለወሉ በረኸት፡
3. እዚ ንውሉድ ወለዶ ንበረኸት ኰይኑ ዘሎ ታሪኽ መጥፍአ።

እወ፡ ንዓና እውን እቲ ድልየት ጐይታ እቲ ዘዳለወልና በረኸት ኽንሓፍስ፡ መመሊስና ድማ ኽንጽጎ እዩ ዝደልየና።

እቲ ግዴና ድማ ንድምጹ ብምሉእ ምስትውዓል ጽን ኢልካ ምስማዕ እዩ። እቲ ቅድሚ ዓመታት ኰነ ኣዋርሕ ከምኡ'ውን መዓልትታት ዝሰማዕናዮ ድምጺ ኣምላኽ ጥራይ ሒዝና ምጒዓዝ፡ እኹል ኣይኰነን። እግዚኣብሄር ኩሉ ሳዕ እዩ ዝዛረብ እሞ፡ ንሕና ድማ፡ ንርእስና ምእንቲ ኺጥዕመናስ ኩሉ ጊዜ ሰማዕቲ፡ ነቲ ዝሰምዕዎ ድማ መተግበርቲ ንኹን።

## ንጸሊ . . .

ከም ክርስትያናት መጠን: ቃል ኣምላኽ፡ ጾር ሕድሕድና ኽንጸውር፡ ስለ መራሕትናን ሰበ-ስልጣናትን ድማ ኽንጽሊ ይምህረና።
እቲ ጸሎትና ግና፡ ነቶም ዘካላብቱናን ዝስጒናን እንተ ትቘርጽም ዓይነት ዘይኰነስ፡ ንሳቶም'ውን እግዚኣብሄር ዘፍቅሮም ኽድሕኑን ክባረኹን ድማ ዚደልዮም ክቡራት ፍጡራቱ እዮም።
ስለዚ ብልባዊ ሓልዮትን ፍቕርን ድኣ እምበር እቲ ጸሎትናን ምህለላናን ናይ ሓርቖትን ምረትን ኣይኹን። ንኸምኡ ዓይነት ጸሎትን ምህለላን ጐይታ እዝኒ ከም ዘይብሉ ኣይንረስዕ።




**Yes, it is easy to SPONSOR BESSERAT to reach those yet to be reached.**

- 5 magazines is $ 65.00 a year.
- 10 magazines is $120.00 a year.
- 15 magazines is $175.00 a year.



For Reservations to Africa including Eritrea, and Europe call

Abrehet Travel

This Issue of Besserat is fully sponsored by **Abrehet Travel**

at 704-975-0871